# ናይ COVID-19 ክታበታት ከምኡዉን ጥዕና ስርዓተ ምርባሕን

## ብብዝሒ ዝሕተቱ ሕቶታት

Vaccinate WA
CovidVaccineWA.org

ናይ COVID-19ክታበታት ኣብ ጥዕናስርዓተ ምርባሕብኸመይ ከምዝጸልዎ ስግኣት ከተሕድር ዝተለመደ እዩ። Centers for Disease Control and Prevention (CDC፣ ማእከል ቍጽጽርን ምክልኻልን ሕማም) እንተላይ ሕጂ ክጠንሳ ዝፍትና ዘለዋ ወይ ኣብ መጻኢ ክጠንሳ ዝክእላ ሓዊሱ ኩሉ ሰብ ካብ 6 ወርሒን ንላዕልን ዝኾነ ዕድሚኡናይ COVID-19 **ክታበታት ንክወስዱ ይመክር**። ኣብዚ ሕጂ እዋን ናይ COVID-19 ክታበታት ሓዊሱ ዝኮኑ ይኩኑ ክታበታት ሕጂ ይኩን ኣብ መጻኢ ናይ ምርባሕ ጸገም ከምዘስዕቡ ዝኮነ ዓይነት መረጋገጺ የለን።

ገሊኦም ኣንበብቲ ነቲ ኣብዚ ሰነድ እዚ ተገሊጹ ዘሎ ጉዳያት ብቐሊሉ ከይርድእዎ ይኽእሉ እዮም እዚ ዝኾነሉ ምኽንያት ብሰንኪ ኣቐዲሙ ዝነበረ ምስ ፍርያምነት ዝተሓሓዝ ቓልሲ፣ ብሰንኪ እቲ ኣብ ሕብሪ ንዘለዎም ሰባት እተገብረ ታሪኻዊ በሰላ ብናይ ዓሌታዉነት፣ ወይ ብሰንኪ እቲ ኣብ ውሽጢ ዓውዲ ሕክምና ንደቂ ኣንስትዮን/ዝተቐየሩ ሰብኡትን ከምኡዉን ኣንስታይ/ተባዕታይ ጾታ ዘይብሎም ሰባት ዜቕርብዎ ናይ ጥዕና ጥርዓን ዕሸሸ ብምባሎም።

**ብዛዕባክታበት COVID-19 ን ከምኡዉን ጥዕና ስርዓተ ምፍራይ ንዘለዓሉ ዝተለመዱ ሕቶታት መልሲ ንምርካብ ኣብ ታሕቲ ይመልከቱ።**

### ሕቶ፦ ቆልዑ ናይ ምዉላድ ክእለተይ ብክታበት COVID-19 ክጽሎ ይክእል ዶ?

**መልሲ፦**

ፆታ/ስርዓተ ፆታ ብዘየግድስ ንክታበታት COVID-19 ሓዊሱ ዝኮነ ይኩን ክታበት ኣብ ስርዓት ምዉላድ ከም ዝጎድእ ዝኮነ ዓይነት መርትዖ የለን። እቶም ክታበታት ነቲ ኮሮና ቫይረስ ንምዉጋእ ምስ ኣካልኩም ስርዓት ምክልካል ሕማም ይሰርሑ እምበር ምስ መራብሒ ኣካላትኩም ኣይራክቡን እዮም። ኣብ ክሊኒካዊ ፈተነታት ናይ ክታበታት COVID-19፣ ከምኡዉን ኣብ ጥንሲ ንኽሕዙ ዝፍትኑ ዘለዉ መፃምዲን ኣብ ዝተገበረ ሰፊሕ መጽናዕቲ፣ ክታበት COVID-19 ዝወሰዱን ዘይወሰዱን ናይ ምጥናስ መጠኑ ተመሳሳሊ እዩ ነይሩ። ክታበታት COVID-19 ድሕንነቶም ዝተሓለወን ዉፅኢታዉን እዮም። [Centers for Disease Control and Prevention (CDC)፣ American College of Obstetricians and Gynecologists (ACOG፣ ኮሊጅ ሓኪማት ጥንስን ማህፀንን ኣሜሪካ) ን Society for Maternal-Fetal Medicine (SMFM፣ ማሕበረሰብ መድሃኒት ሕርስን ዕሽልን)]ክታበት COVID-19 ንጥኑሳት፣ ፀባ ጡብ ዘጥቡዋ ንዘለዋ ወይ ንመደብ ጥንሲ ዘለወን ክወስድኦ ይመክሩ።

ክታበት COVID ንምንታይ ከምዝምከር ካብ ዶ/ር LaSalle ንምስማዕ ናብዚ ሊንክ ይብጽሑ፡ [Fertility and COVID-19 Vaccines - YouTube]

### ሕቶ፦ እቲ ክታበት ናይ ወርሓዊ ጽግያተይ ዑደት ክቕይሮ ድዩ፧

**መልሲ፦**

ገለ ክፋል ክታበት COVID-19 ካብ ዝወሰዳ ዉልቀሰባት ድሕሪ ምክታበን ኣብ ዑደት ወርሓዊ ጽግያተን ለዉጢታት ከም ዝራኣያ ንኣብነት፡ ንዉሕ ንዝበለ እዋን ዝፀንሕ ወርሓዊ ፅግያት፣ ኣብ መንጎ ወርሓዊ ፅግያት ዉሑድ ዕረፍቲ ወይ ካብ ዝተለመደ ንላዕሊ ደም ምፍሳስ ከም ዝራኣያ ጸብጻብ ይህባ። [ኣብ ናይ 2022 ዝተገብረ መጽናዕቲ] ክታበት COVID-19 ዝወሰዳ ደቐንስትዮ ኣብ ንዋሕት ግዜ ናይ ወርሓዊ ጽግያተን ካብ ሓደ መዓልቲ ዘይነዉሕ ግዜ ተወሳኺ ነይሩወን እዩ። ናይ ሓደ መዓልቲ ኣፈላላይ ኣብ ክሊ ልሙድ ኣፈላላይ ዑደት ወርሓዊ ፅግያት እዩ። ዋላኳ ኣብ ዑደት ወርሓዊ ጽግያት ክኸሰቱ ዝኽእሉ ግዝያዊ ለዉጥታት እንተሃለዉ፣ **ክታበታት COVID-19 ናይ ምዉላድ ጸገም ከምዘስዕቡ መርትዖ የለን።** ናይ ዑደትኪ ለዉጢ እንቓቕሖ ዝወርደሉ ግዜ ለዉጢ ክፈጥር ይክእል እዩ። ተፈጥሯዊ ናይ ቤተሰብ ምምምዳብን ካልኦት ኣብ ክትትል ዑደት ጽግያት ዝተደረኩ ሜላታትን ዝጥቀሙ ሰባት እንቓቕሖ ትወርደሉ ግዜን ጥንሲ ንምክልካል/ንምምዳብንኣፀጋሚ ኮይኑ ይረክብዎ ። ብዛዕባ ዑደትኪ ንምምይያጥን ብዛዕባ ዉጥን ስድራ ቤት ዝበለፀ ንምምሃርን ምስ ኣቕራቢኺ ተዛረቢ።

### ሕቶ፦ እቲ ናይ COVID-19 ክታበት ንመቆፃፀሪ ወሊድ ክጸልዎ ይክእል ዶ?

**መልሲ፦**

ብመሰረት Planned Parenthood ክታበት COVID-19 ንናይ ወሊድ መቆጻጸሪ ዝበለጸጽ ወይ ዝወሓደ ዉፅኢታዊ ከምዝገብሮ ዝሕብር ዝኮነ ዓይነት መርትዖ የለን። ኣብዚ እዋን እዚ፣ ክታበት ድሕሪ ምዉሳደን መቆጻጸሪ ወሊደን ስራሕ ጠጠዉ ምባሉ ካብ ዝተከተባ ሰባት ዝተወሃበ ሪፖርት የለን። ለዉጥታት ኣብ ናይ ወርሓዊ ፅግያት ዑደት ከም ዘሎ ዝቐረበ ጸብጻብ እኳ እንተሃለወ፣ እዚ ናይ ሓደ ሰብ ናይ ወሊድ መቆጻጸሪ ማዕረ ክንደይ ከምዝሰርሕ ኣይጸልዎን እዩ። እዚ ናይ ወርሓዊ ፅግያት ዑደትን እንቓቕሖ ትወርደሉን ግዝያት ንምክትታል ጸገም ክፈጥር ይክእል፣ ከም ሜላ ጥንቃቐ ፍርያምነት ዝኣመሰሉ ባህርያዊ መቆፃፀሪ ወሊድ ዝጥቀሙ ሰባት እንቓቕሖ ምዓስ ከም እትወርድ ንምፍላጥ ክሽገሩ ይክእሉ። ዉልቀሰባት እንቓቕሖኣን ዝወርደሉ እዋን ንምፍላጥ ዝሕግዝ መሳርሒ ኣሎ እዩ። ብዛዕባ ኣማራጺታትካን ዝያዳ ንምምሃርን ምስ ኣቕራቢ ክንክን ጥዕንኦም ይዛረቡ።

## ሕቶ፡- እቲ ክታበት ኣብ ናይ ወዲ ተባዕታይ ዘርኢ ጽልዋ ከምጽእ ከምኡዉን/ወይ ምምካን ከስዕብ ይክእል ዶ?

**መልሲ፡-**

ንክታበታት COVID-19 ሓዊሱ ዝኾነ ይኩን ክታበት ኣብዚ እዋን እዚ ኣብ ናይ ተባዕታይ መራብሒ ኣካላት ንፀገም ምርባሕ ወይ ምምካን የምጽእ ዝብል መርትዖ የለን። ሓደ mRNA ክታበት COVID-19 ኣብ ዝወሰዱ 45 ጥዑያት ኣወዳት ኣብ ዝተገበረ ንእሽተይ መፅናዕቲ ከም መጠንን ምንቅስቃስን ዝበሉ ናይ ወዲ ተባዕታይ ዘርኢ ባህርያት ተመልኪቱ እዩ። ተመራመርቲ ድሕሪ ክታበት ኣብዞም ናይ ወዲ ተባዕታይ ዘርኢ ባህርያት ዝኾነ ኣገዳሲ ለውጢ ኣይረኸቡን። ካልእ ድማ ሓደ መጽናዕቲ ከምዝረኸቦ ረኽሲ ናይ COVID-19 ኣብ ደቂ-ተባዕትዮ ክሳብ 60 መዓልትታት ድሕሪ ረኽሲ ምስ ምቅናስ ምርባሕ ክተሓሓዝ ይክእል እዩ። ካብ ዝኾነ ሕማም ዝመጽእ ረስኒ፣ ከምኡዉን ዝተለመደ ምልክት COVID-19፣ ንሓፂር እዋን ናይ ወዲ ተባዕታይ ናይ ዘርኢ ፍረ ምህርቲ ንክቅንስ ክገብር ይክእል እዩ። ዋላ'ኳ ረስኒ ግዝያዊ ጎናዊ ሳዕቤን ናይ ክታበት COVID-19 ክኸውን ዝኽእል እንተኾነ፡ ናይ ድሕሪ ክታበት ኮቪድ ዘሎ ረስኒ ንምህርቲ ዘርኢ ወዲ ተባዕታይ ከምዝጎድኦ ኣብዚ ሕዚ እዋን ህልው መርትዖ የሎን። ተወሰክቲ ስግኣታት እንተሃልዩምካ ምስ ናይ ክንክን ጥዕና ኣቕራቢኻ ተዘራረብ።

## ሕቶ፡- እቲ ክታበት ሕክምናታት IVF (ካብ ማህፀን ወፃኢ ዝግበር ምርባሕ ዘርኢ ተባዕታይን እንቁላሊሕን) ክጎድእ ይክእል ዶ?

**መልሲ፡-**

ክታበት COVID-19 ናይ IVF ሕክምና ናይ ዘካይዱ ሰባት ዉጽኢት ከምዝጎድእ መርትዖ የለን። መጽናዕትታት mRNA ክታበታት COVID-19 ኣብ መጠን ምስካዕ IVF ተፅዕኖ ከምዘይብሎም ኣረጋጊፆም እዮም። ሓደ መፅናዕቲ ኣብ መዳይ ምንቅቃሕ እንቁላሊሕ፣ ፅርየት እንቁላሊሕ፣ ዕብየት ዕሽል ወይ ዉፅኢታት ጥንሲ ኣብ መንን ዝተኸተቡን ዘይተኸተቡን እዙይ ዝበሃል ኣፈላላይ ኣይረከበን። ክታበታት COVID-19 ኣብ ምዉላድ ጽልዋ ክህልዎም ወይ ንምጥናስ ዝፍትኑ ዘለዎም ተወሳኺ ሽግር ዝፈጥሩ ኮይኖም ኣይተረከቡን። ከም ናይ ሰዓል፣ ቴታነስን ዲፍተርያን ዝበሉ ብዙሓት ክታበታት ቅድሚ ጥንስን ኣብ እዋን ጥንስን ድሕንነቱ ብዝተሓለወ መንገዲ ይወሃቡ እዮም። ክታበት COVID-19 ንምጥናስ ዝሙክሩ ንዘለዉ ሓዊሱ ንኩሉ ዕድሚኡ 6 ወርሕን ካብኡ ንላዕልን ዝኾነ ሰብ ዝምከር እዩ።

## ሕቶ፡- ናይ COVID-19 ክታበት ናይ ጥንሲ ምጭንጋፍ ከስዕብ ይክእል ዶ?

**መልሲ፡-**

ኣይፋል፡ ናይ COVID-19 ክታበት ቅድሚ፣ ኣብ እዋንን ድሕሪ ጥንስን ዉሑስ እዩ። ክታበታት COVID-19 ምዉሳድ ዕድላት ምንጻል ጥንሲ ከምዝዉስኽ ዝገልጽ መርትዖ የለን። ዝለዓለ መጠን ምንጻልጥንሲ ኣብ ናይ COVID-19 ክታበት ዝወሰዱ ኣይተረከበን።

ሰባት ካብ ዝሓስብዎ ንላዕሊ ናይ ጥንሲ ምንጻል ዝለዓለ እዩ፡ ካብ 10 ክሳብ 20 ሚኢታዊት ዝኾኑ ጥንስታት ምንጻል የጋጥሞም። ሓደሓደ ዝተኸተባ ሰባት ናይጥንሲ ምንጻል ከጋጥመን ይክእል እዩ፣ እዚ ግን ምስቲ ክታበት ዝተሓሓዝ ኣይኮነን፣ ምንጻል ጥንሲ ናይ ክታበት ኩነታት ብዘየግድስ ክፍጠር ይክእል እዩ። ብርግጽ፣ ኣብ መጀመርያ ናይ ጥንሲ እዋን ከቢድ ናይ COVID-19 ረኽሲ ዘጋጠመን ሰባት ጥንሲ ናይ ምንጻል ዕድለን ዝለዓለ እዩ። ክታበት ንዓካን ንዉላድካን ካብ COVID-19 እትከላከለሉ ፅቡቕ መከላከሊ እዩ።


### ምንጭታት

Centers for Disease Control and Prevention, “COVID-19 Vaccines for People Who Would Like to Have a Baby”. 2022. ብኦንላይን ኣብ ዝስዕብ ይርከብ፡- COVID-19 Vaccines for People Who Would Like to Have a Baby | CDC

American College of Obstetricians and Gynecologists, ‘COVID-19 Vaccination Considerations for Obstetric-Gynecologic Care”. 2022. ብ ኦንላይን ኣብ ዝስዕብ ይርከብ፡- COVID-19 Vaccination Considerations for Obstetric–Gynecologic Care | ACOG

World Health Organization, “Questions and Answers: COVID-19 vaccines and pregnancy.” 2022. ብኦንላይን ኣብ ዝስዕብ ይርከብ፡- Questions and Answers: COVID-19 vaccines and pregnancy (who.int)

Mount Sinai, “Large Study Provides Reassurance that COVID-19 Vaccination Does Not Affect Fertility or Early Pregnancy.” 2022. ብኦንላይን ኣብ ዝስዕብ ይርከብ፡- Large Study Provides Reassurance that COVID-19 Vaccination Does Not Affect Fertility or Early Pregnancy | Mount Sinai - New York


*ኣብ ዉሳኔታት ዉልቃዊ ሕክምና ምስ ዝእመኑ ኢላታት ወሃብቲ ክንክን ጥዕና ምኸሩ።*


Washington State Department of Health

DOH 825-053 July 2022 Amharic


እዚ ሰነድ ብኻልእ መልክዕ ክትሓትት እንተደሊኻ፣ ብ 1-800-525-0127 ደውል። ጹሙማን ወይ ዝጸንፆም ዓማዊል ብኽብረትኩም ናብ 711 (Washington Relay) ደዉሉ ወይ ድማ ናብ civil.rights@doh.wa.gov ኢሜይል ግበሩ።